# ሂወት ትማን ኣልቦ !



ህይወት እቲ ትማን ኣልቦ
መዳርግቲ ዘይብሉ ብእዝጊ ዝተዋህቦ ፡

ንስኺ ንስኻ ግን ተበጆኹም ስለ ሃገር
ሰሲንና ንኽንህሉ ዝኾንኩምና ማእገር ፡

እወ ! ሓሊፍኩም በጃ እታ ርስቲ
ኮንኩም መድሕን ሃገር ነታ ዕቅብቲ ፡

ንስኽን ሓው'ኽን ርሕሩሓት መጠውቲ ብርሃን
መድሕና ዝኾንኩም ኣብቲ ዝጸንከረ እዋን ፡

ምእንቲ ሃገር ህይወት ትኽፍሉ ሰላም እተዕስሉ
ውዕለትኩም ክንዮ ጽድቃን መዳርግቲ ዘይብሉ ፡

ንህዝብኹም ደስታን ቅሳነትን ፡ ሓርነት ትጽምብሉ
ስለህዝቢ ክትብጀዉ ፡ ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ ትብሃሃሉ ፡

እወ ! ተበጆኹም ሓርነት ኣንጊስኩም
ተሰዊእኩም እምበር ምዓስ ድኣ'ሞ ሞይትኩም
ሰላም ምስ ቅሳነት ንህዝብኹም ኣውሒስኩም
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ኢሉ ይጭርሕ ህዝብኹም ፡

ብሳላኹም ደስታን ቅሳነትን ንርዑዳት ኣርውየን
ብተድላ ሓጎስ ዝረስረሰ ነብሳት ይብላ ኣለዋ ኣሜን
ደምኩም ድኣ ምኣስ ተሪፈን ተኋዕየን
ደይ ናጽነትን ሓርነትን እየን ኾሊዐን
ብሳላኹም ቅሳነት ዝረኸባ ፡
ይብላ ኣሎዋ ለኣለም ዘልኣለም ኣሜን ፡

መቓበርኩም ጣዕሚ ዛርዩ ሰናይ ፊሊሑ
መትከልኩም ረቲዑ ንዋርሳይ ኣምሪሑ
እቲ ዓለል-ፈለል ዝበለ ተኾኪዱ ተገሪሑ
ኣባይ ንመትከልኩም ርዒሙ ኣሜን ኢሉ ሰሊሑ ፡

ዝኽሪ ንኽልተ ሽደን መስዋእቲ ርስቲ
ጭርሑም ፈርዩ ገዊዱ እንሆ ሰዊቱ
ተዓዊቱ ቀለምኩም ዝቐሰመ ኣብ ርስቱ ሰቢቱ
ህድኣትን ቅሳነትን ኣብ ሃገር ሰፊኑ ሰሪቱ
ሰግለለት ህይወት አጽልል ኣሎ ለይቲ ምስ መዓልቱ ፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና ፡ ዘንተ ዕለት ይዘከሩ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

እምባ ሙኻን ( ዘካርያስ ተስፋጽዮን ) ከተማ ማንሃይም ፡16.06.2008